# መድረኽ

***ሕታም 33***
***ተስፋልደት ባህልቢ***
***12/27/2017***

## ***ዘይ ሓልፈላ ጭሩስ መስከረም ትዓውር!***
## ***ዘይ ሓልፈሉ ተቓዋማይ ከአ፡ ለብዘመን ይዓውር!***





*ዘይ ሓልፈልኪ ጭሮየ ጭሮና፡፡ ኣስላማይ ክስታናይ ኤርትራ፡ ብርሃነ ነጻነት ባንዴራ እንዳንበልበለ፡ ጸልማት ተቐንጢጡ ኣብ ዘበነ ብርሃን ዝሳጋገረሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ንስኺ ግን፡ ሒማቕ ዕድልኪ ኮይኑ ብምዕዋርኪ፡ ኣዝየ እየ ዝሓዝነልኪ።*

*እቶም ኩሎም ነዛ ርኪያሞ እዚኣ ዘንበልብሉ ዘለው እውን፡ ኣብ እንዳ ወያነ ተዓቚቦም ምስ ጸንሑ፡ እታ ወያነ ንባዕላ ትዓውር ስለ ዘላ፡ ከምዛ ናትኪ ኮይኖም ዓዊሮም ስለ ዝሰንከሉ፡ ትስፍውቲ ኤርትራ ከመይ ትመስል ከም ዘላ ኣይ ትረኣዮምን እያ ዘላ። ዘይ ሓልፈሉ ተቓዋማይ ለብዘበን ዓዊሩ።*

*ሎሚ ዝዓወረ ተቓዋማይ።*



*ሎሚ ዝዓወረት መስቀል።*



## *ሓተታ*

*ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ደቂ ኤረ ብሓበራ፡ ነዋሕትን ሓጻርትን ከም ማሽላ፣ ቀያሕትን ጸለምትን ከም ኣዳጉራ፡ ፡ ኣቐዲመ ዝዓዘዘ ሰላምታይ ከኣንግደኩም ደስ እና በለኒ እየ። ከምኡ ድማኒ፡ ብኹሉ እንትናኹም ዘበለ፡ ሕጉሳት ክትኮኑለይ እና ተመኒኹ እየ። ዘይ ኣመለይ ገይረ፡ ንሓያሎይ እዋናት ርኢይቶይ ካብ ምክፋል ቦኹረ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ነዛ ሕጂ ተንብብዋ ዘሎኹም፡ ንዓኹም ዘይ ትበቅዕ ሓጻር መልእኽተይ፡ መደምደምታ መድረኽ ናይ ዓመት 2017 እያ።*

*ኩቡራት ኣሕዋተይን ኣሓተይን!*

*ፍትሓዊ መሰል፡ ናይ ሓደ ተራ ሰብ፡ ምስኡ ዝውለድ፡ ዘየማትእ ውሁብ ክብሪ እዩ። ከምቲ ጉቡእ ክብረቱ ዝጠልቦ መጠን፡ ምስ ዘይ ክበር ድማኒ፡ እንታይ ክንብል ወይ ክንገብር ይግበኣና? መልሱ - ንምእንቲ ንናይ ውልቅና ረብሓ ከነውሕስ እንክንብል፡ ንከከም ኩነታቱ ዝሰማማዕ ሜላ ተጠቒምና፡ ኣቓልቦ ብምሃብ፡ ፡ ክንግደሰሉን ክንጣበቐሉን፡ ግድነት ኣሎና።*

*እዚ ሰብኣዊ ክብሪ እዚ ግን፡ ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ክሓስርን ክርገጽን ንርእዮን ንሰምዖን ኣሎና። ዋላ እተን ዲሞክራስያን ሃገራት ዝበሃላ እንተ ኾና እውን - ከም ኣሜሪካ ዝኣመሰላ - ኣሽንኳይዶ ናይ ውልቀሰባት መሰል ብማዕረ ክኽብራስ፡ ንመሰላት ልእላውያን ሃገራት ብምጥሓስ፡ ዝገብርኦ ዘለዋ ከቢድ ናይ ጣልቃ ምትእትታው ሕሰማት፡ ብሚልዮናት ዝቑጸር ህዝቢ፡ ይሳቐን ይበርስን ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓለምለኻዊ፡ ግህሰት ኣብ ልዕሊ ክብሪ ሰብ፡ ብተዛመድነት ምስ ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል፡ ግህሰት መሰል ሰብ ምስ እነነጻጽሮ፡ ናይ ኤርትራ እቲ ዝፈኾሰ ወይ ከኣ፡ ካብ ዓለሙ ኣይሓስምን እዩ ክንብል ተኽእሎ ኣሎ። ተግባራት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ምስቲ ናይ ባዕሉ ኣቀዋውማ ዝመስል ኮይኑ፡ ፍሉዩነት እውን ኣይ ሰኣናን ይኸውን እዩ።*

*እንታዎትከ ንበሃል ንሕና? ንሕና ደኣ፡ሰብ ምድሪ ባሕሪ እንበሃል ዝነበርና፡ ናይ ሕጂ ከኣ ኤርትራውያን፡ ብማእከልነት ናይ መሳፍንቲ ድግለላት፣ ናይባትን፣ ባሕሪ ነገስታትን ተጠርኒፉ ዝማዕበለ ሕብረተሰብ ዝመጻእናን ንቕጽል ዘሎና ኢና። ዝርገሔ ምድሪ ባሕሪ፡ ካብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ጀሚሩ፡ ክሳብ መደኒ ናይ ሎሚ ምድሪ ሱዳን ዘጋፈሔ ነበረ። ኢዱ ኣይ ስኣን እንግሊዝ ኖኺል ሰልዱ፡ ምስ ጥልያን እዚ ዓምበርበራ ተጣሊዑ፡ ዓቢ ክፋል መሬት ናይ ምድሪ ባሕሪ፡ ናብ እዛ ካርቱም ተባሂላ ትፍለጥ ዝነበረት፡ ዳሕራይ ግን ሱዳን ተባሂላ ዝተሰምየት ኣረኪቡዎ።*

*እዚ ዝዛረበሉ ዘሎኹ እዋን፡ ካብ ዝጅምር ክሳብ ሕጂ፡ ብመዓቀኒ ናይ ግዘ ምስ ንቕይሶ፡ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ዝሓለፎ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እዚ ሕጂ ኣጥሪናዮ ዘሎና ሃገራዊ መንነት፡ ብናይ ዘመናት ቃልስታት ምምዕዕባባል ዝተጠርየ እዩ። እቲ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ ዝብል ገምጋም እምበኣርከስ፡ ምስ እዚ ዝተጠቕሰ ምዕብልና ዝተሓሓዘ ኮይኑ ንረኽቦ። ነዚ ዝኸሕድ ውልቀ ሰብ ኤርትራዊ ይኹን ጉጅለ፡ ናይ ዘርጊ ጠንቂ፡ ካብ ምዃን ኣይ ድሕንን። ንጠንቀቕ። ኤርትራ፡ ዕልመናዊት ሃገር ምስ ዘይ ትኸውን፡ ንመፍቶ ክልተ ተተፋነንቲ እምነታት ትጻጣሕ እሞ፡ ህዝባ ከኣ ከም ሕቖን ከብድን እንተ መሰለ ይሕሸና ድዩ። ንጠንቀቕ።*

*ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ (ሻዕብያ ተባሂላ እትፍለጥ, ሻተእት,) ክብርቲ ታሪኻዊት ሃገራዊት ቅርሲ፡ ዋርሳይ ናይ እቲ ዝሓለፈ ታሪኽ ኮይና ዝተዓወተት፣ ሕብራዊትን ስምርቲ ውድብ እያ። ነቲ ታሪኽ ወሪሳቶ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ልዕላዊት ባንዴራ ኤርትራ ዘንበልበለት፡ ክብረት ናይ ኤርትራ፡ እንኮ ንሳ እያ ዘላ - ፈቲና ንጽላእ ብዘየገድስ። ነዛ ህዝባዊ ግምባር እዚኣ፡ ከም ሓንቲ ክርስታናዊት ናይ "ንሕናን ዕላማናን" ሓይሊ ገይሮም ዝርእይዋ ድያስጶራውያን ፖለተከኛታት፡ ብቖጻሊ ከም ዝጸንሑን ይቕጽሉ ከም ዘለዉን፡ ክንምስክር ጸኒሕና ኣሎና። ጎስጓሶም እንክቕጽል፡ እንታይ የተኣታቱን የተባብዕን ከምዘሎ ብዘይ ሸለልትነት ምስ ንከታተሎ፡ ሕልሚ ዓባይ እስላማዊት ኤርትራ ናይ ምትምናይ - እንተ ዘይ ተጋግየ - ዝምዕብል ከይ ህሉ ዘሰክፍ እዩ። ካብ ድያስጶራ ሓለፍ፡ ናብ ኣስመራ ዝተራእዩ ፍጻሜታት ኣመቲ እዮም።*

*ኣቕድድም ኣቢሉ ስርሒት ፎርቶ ተባሂሉ ዝተዘርበሉ ናይ ወዲ ዓሊ ፈተነ ሪኢና። ለብዘመን ድማኒ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 31/2017 ዓም፡ ስርሒት እስላማዊት ቤት ትምህርቲ ኣኽርያ ተፈቲኑ። ክልቲኣም ፈተነታት ኣቑሊዖም እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ሕልሚ ግን፡ ጌና ቀጻሊ ከም ምዃኑ ይስርሓሉ ስለ ዘሎ፡ ነዛ ሃገር፡ እስላማዊት ኤርትራ ናይ ምግባራ ዘሎ ዕድል ምናልባትነት፡ ልብወለድ ክኸውን ኣይ ክእልን። ኣብ ዘመነ ኢሳያስ እኳ እንተ ዘይ ሰለጠ፡ ኣብ ሓደ ነጥቢ መድረኽ ግን፡ ሽርዕያዊ ቅዋም፡ ክትከል ዕድል ስለ ዘይ ሰኣን፡ ካብ ሕጂ ክንቅረበሉ ድሉዋት ዲና?*

*ነስላምናን ክስታናን ዘተፋፍን ተግባራት፡ ከነቃስን ምስ እንኽእል ወይ ምስ እንደሊ ግን፡ እሞ ከኣ - ህድእ ኢልና ድማኒ፡ ንዝሓለፍናዮ ታሪኻዊ ጉዕዞ ሶውራና፡ ስድሪ ብስድሪ ምስ እንእስሮ፡ ብኸመይ ዝኣመሰለ፡ ሃገራዊ ስትራተጂካዊ ራእይ*

*ተኸቲልና፡ ከም ተዓወትና ክንግምግም የጸግመና ድዩ? ከም ምርምር ናይ ራኬት ሳይንስ (rocket science) ኣንገፅ ሓንጎል ዝጠልቦ ዘይኮነስ፡ መልሲ ናቱ፡ ክንሕስድ እንተ ዘይ ደሊና፤ ኣብ ጨናፍር ኣጻብዕትና ተኾሊዖም፡ ብልጭ ብልጭ እንክብሉ ክንርእዮም ንኽእል ኢና።*

*ቅደም ቀዳድም፡ እስከ ነቶም ዝሓለፉን ዘሎውን ኣብ ፖለቲኣዊ ሂወት ሶዎራና፡ እንቶስ ብሒማቕ እንቶስ ብጽቡቕ፡ ጸለውቲ ኮይኖም ገኒኖም ዝፍለጡ፡ ገለ ካብቶም ብዙሓት ሒደት ፡ እዚኣቶም ዝርከከብዎም እዮም ።*

- *ራእሲ ተሰማ፤*
- *ዓብደልቃድር ከቢረ*
- *ወልደ ኣብ ወልደማርያም*
- *ኢብራሂም ሱልጣን*
- *ኢድሪስ መሓመድ ኣደም*
- *ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ*
- *ዑስማን ሳልሕ ሰበ*
- *ዓብደላ ኢድሪስ*
- ***ኢሳያስ ኣፍወርቂ***
- *ኣሕመድ መሓመድ ናስር*
- *ሮሞዳን መሓመድ ኑር*
- *ተድላ ባይርኡ (pro Ethi0pia)*
- *ኣስፍሃ ወልደሚካኤል(pro Ethi0pia)*
- *ጀነራል ዑቕቢት( pro Ethi0pia)*
- *ቀሺ ዲሞጥሮስ (pro Ethi0pia) ው.ዘ.ተ.*

*ካብ ሞንጎ እዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ኣስማቶም ተዘርዚሩ ዘሎ፡ ስሙ ብድምቀት ተሰሚሩሉ ዘሎ ሓርበኛ፡ ኣበርክቶ ናቱ ጸብለልትነት ኣለዎ።*

***ድምደማ***

*ስለዚ፡ እዚ ብስም ደለይቲ ፍትሒ እና ኣምሰልካ ዝግበር ዘሎ፡ ናይ ዘይ ፍትሓውያን ጫውጫው፡ ብኹሉ እንትንኡ ክምዘንን ክዕቀንን ጸኒሑ እዩ። ውጽኢቱ ከኣ፡ ብዘየማትእ ልክዕነት፡ ንስለ ፖለቲካዊን፤ ሃይማኖታውን፤ ዓሌታውን፤ ኣውራጃውን ስልጣን እንክብል ዝደንቆረ ኮይኑ ንረኽቦ። " ናይ ጸላእየይ ጸላኢ - ፈታውየይ" ኣብ ዝብል ልኹሱስ ዝኾነ ራእይ ረጊጹ፡ ምስ ወያነ ትግራይን ገዛእቶምን ብምሽራኽ፡ ንሓድነት ሃገርና ዝፈታትን ሓደጋ፡ ን36 ዓመታት ወይ ዝያዳ፡ ዝተገብረ ፈተነ፡ ብሳላ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ፈሺሉ።*

***ዳዕሮ ወያነ ድሮ ሓሪራ እያ። እቲ ኣሲጋኢ እና ኾነ ዝመጽእ ዘሎ ግን፡ ናባና ገጹ ክይ ትወድቕ ምጥንቃቕ ከድልየና እዩ።***
*ሓፈሻዊ ዞባዊ ኩነታት እውን፡ ጥዕና እና ጎደሎ ይመጽእ ስለ ዘሎ፡ ጉዳይ ሃገርና - ጉዳይ ህላወ - ቀዳምነት ኮይኑ፡ ካልእ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ከኣ፡ እንተ ደስከለ ምኽኑይ ካብ ምኽን ኣይ ሓልፍን።*

*ኣብቲ ሓፈሻዊ ኩነታት ናይዚ ዞባ ኢዚ ምስ እንግንዘቦ ድማኒ፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ማእከለይ ምብራቕን ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ዝወናጨፍ ዘሎ ፖለቲካውን ጸጥታውን ወተሃደራውን ትርምስ፡ ኣሲጋኢ ክይ ኮነ ኣይ ተርፍን። ኣብ ማእከል እዚ ኩሉ ህቦብላታት እዚ፡ እታ ሓንቲ ሃገር ክሳብ ሕጂ፡ ጽኑይ ንፉስ ተስተንፍስ ዘላ፡ ብዘይካ ሃገርና ካልእ ሃገር፡ ክነለሲ ኣይ ንኽእልን ዘሎና። ዝዓወረ ይዕወር፡ ኤርትራ ንቕድሚት። ርሑስ ዓመተ ምሕረት 2018 ዓም።*
 >>> *[ኢሳያስ ግራጭ ከብዱ](#)  [caballero](#)*
 >>> *[እዚ ከለስ ንኢሳያስ](#)    [watch2 out](#)*

*[fewsilybee@yahoo.com](mailto:fewsilybee@yahoo.com)*